# “. . . እለሻ ናጽነትን ፍትሕን”




**ብኤፍረም ሃብተጽዮን**


***ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ማሕበራዊ “. . . እለሻ ናጽነትን ፍትሕን” መራኸቢታት ብዙሕ ሽፈነ ካብ ዝረክብ ዘሎ መደባት'ዩ። ደራሲ ኣለምሰገድ ተስፋይ ብእንግሊዝኛ ዘሕተሞ መጽሓፍ ፖለቲካዊ ታሪኽ ኤርትራ 1941-1962፡ ኣብ ኤውሮጳን ኣመሪካን ምስ ኣንበብቲ ዝካየደሉ ዘሎ ናይ ምልላይ መደባት ብዙሕ ሽፈነን ስዓብትን ረኺቡ'ሎ። ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ኤውሮጳ፡ ኣውራ ኣብቲ ዝተሓትመሉ ዓዲ እንግሊዝ፡ መደባት ሌላ ዝተገብረሉ እቲ መጽሓፍ፡ ኣብ ከተማታት ኣመሪካ ሰፊሕ ናይ ምልላይ መደባት ይካየደሉ ኣሎ። እዚ፡ “AN AFRICAN PEOPLE’S QUEST FOR FREEDOM AND JUSTICE” (ናይ ሓደ ኣፍሪቃዊ ህዝቢ እለሻ ንናጽነትን ፍትሕን) ብዝብል ኣርእስቲ ዝተጻሕፈ መጽሓፍ ታሪኽ ኤርትራ፡ ጽማቝ ናይተን ሰለስተ ዓበይቲ መጻሕፍቲ ፖለቲካዊ ታሪኽ ኤርትራ እዩ። ኣለምሰገድ ተስፋይ፡ ከም ኣካል ፕሮጀክት ምስናድ ታሪኽ ኤርትራ፡ “ኣይንፈላለ”፡ “ፌደረሽን ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ - ካብ ማትየንሶ ክሳብ ተድላ”፡ “ኤርትራ፡ ካብ ፌደረሽን ናብ ጐበጣን ሰውራን”፡ ዘርእስተን ንዝተሓላለኸ ፖለቲካዊ ታሪኽ ኤርትራ ዝገልጻ መጻሕፍቲ ብመንገዲ ኣሕተምቲ ሕድሪ ኣብ ኤርትራ ኣሕቲሙ'ዩ። እዚ ብኣሕታሚ ሆርስት ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝተሓትመ ናይ እንግሊዝኛ መጽሓፍ ታሪኽ፡ ንዝሰፍሐ ኣንባቢ ብዝጥዕም ቋንቋ ብምድላዉ፡ ኣብዚ ብትረኻታት ጽውጽዋይ ዝተዓብለኸ ምዝንታው ታሪኽ ቀርኒ ኣፍሪቃ ሓደ ስጕምቲ'ዩ። ኣለምሰገድ ተስፋይ ቀቅድሚ ናብዚ ዑደት'ዚ ምኻዱ፡ ብዛዕባ'ዚ መጽሓፍ'ዚን ሓፈሻዊ ኣርእስትን ኣዕሊልናዮ ነይርና ኣብ ክልተ ክፋላት ከነቕርቦ ኢና።***

**ነዊሕ ትጽቢት ዝተገብረሉን ነዊሕ ዝጸዓርካሉን ዕዮ ናብ መፈጸምታኡ ምብጽሑ እንቋዕ ኣሐጎሰካ። እዚ መጽሓፍ'ዚ ጽማቝ ናይተን ሰለስተ መጻሕፍቲ'ዩ። ስለምንታይ ምጽማቝ ኣድለየ?**

እተን ሰለስተ መጻሕፍቲ ኣቐዲመን ናብ ትግረን ዓረብን ተተርጒመን'የን። ትሕዝቶ ናይተን መጻሕፍቲ ናብ ውሽጢ ኣንባቢ ዝጠመተ፡ ሃገራዊ ኣጠማምታ ሒዙ ዝተዳለወ እዩ። ካብ ውሽጢ ኤርትራ ብሓደ ኤርትራዊ ጸሓፋይ፡ ካልኦት ጸሓፍቲ ዘይረኸቡዎ ናይ ውሽጢ ምንጭታት ተጠቒሙ ዝተጻሕፈ'ውን'ዩ። ንኣብነት፡ ቀንዲ ወሃብቲ ሓበሬታ ናይዚ መጻሕፍቲ፡ እቶም ኣብቲ ግዜ'ቲ ዝነበሩ ዓበይቲ ሰባት - ሰራሕቲ ታሪኽ ይኹኑ ሰማዕቲ ወይ ተዓዘብቲ፥ ኣብቲ ግዜ'ቲ ዝሕተም ዝነበረ ጋዜጣታት (ካብ 1941 — 1962 ኣብ ዝነበረ ግዜ)፥ ናይ ባይቶ ኤርትራ ጸብጻባት፥ ናይ ቤት ፍርዲ ውሳነታት፡. . . ተጠቒሙ። ነዚ ኩሉ ኣብ ሰለስቲኣን መጻሕፍቲ ዘሎ መወከሲታት፡ ኣብቲ ኣቐዲሙ ብጣልያን ይኹን ብእንግሊዝኛ ብዛዕባ ኤርትራ ዝተጻሕፈ መጻሕፍቲ ዝተጠቕመሉ ጸሓፊ የለን። ስለዚ፡ ሓድሽ ሓበሬታ ክሽውን ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ጥራይ ክውሰን የብሉን ተባሂሉ። ብዓቢኡ፡ ታሪኽና ኣብ ናይ ውሽጢ መወከሲታት ምርኩስ ብምግባር በቲ ዝግባእ ብደቂ ሃገር ኣይተጻሕፈን። ካብዚ ብምብጋስ፡ "ዕድመኻን ኩነታት ጥዕናኻን ብዘየገድስ፡ ንዓ በጃኻ ነዚኣ ተማወተላ፡ ስርሓያ፡" ዝብል ለበዋታት ብዝተፈላለየ መንገዲ፡ ብፍላይ ከኣ ብሸነኽ ምርምርን ስነዳን ይመጽኣኒ ነይሩ። ምስቲ ዝነበረኒ ኩነታት ጥዕና፡ ዝገብሮ ኣይመሰለንን። ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ኣብ እትውደብ ሓንቲ ውድድር ስነ ጽሑፍ ኣትየ። ካብ ምሉእ ኣፍሪቃ፡ ክጽሕፉ ንዝደልዩ ኣፍሪቃውያን ጸሓፍቲ ግን ብሰንኪ ሕጽረት ምወላ ወይ ፋይናንስ ክጽሕፉ ዘይከኣሉ ንምትብባዕ ዝዓለመት እያ። መንእሰያት ጸሓፍቲ'ያ እተቐድም። ኣነ፡ ብዛዕባኣ ሓበሬታ ምስ ረኸብኩ፡ "ወኪ ዝነደደትሉ መዓልቲ" እትብል ብእንግሊዝኛ ዝጸሓፍኩዋ ጽሕፍቲ ከም መርኣያ ስነ ጽሑፋዊ ዓቕመይ ሰዲደሎም። ኣዝዮም ፈትዮማ። ንኣርባተ መንእሰያት ጸሓፍቲ ልቢ ወለድ እዮም ዕድል ዝህቡ ነይሮም፡ ነታ ጽሕፍቲ ስለ ዝፈተዉዋ፡ ንዓይ ሓምሻይ ወሲኾምኒ። ወዲ 73/74 ዓመት'የ ዘለኹ ሽዑ። እቲ ገንዘብ'ቲ ምስ ረኸብኩ፡ ገለ ነገር ተተባቢዐ። ነታ ከም እማመ ዘቕረብኩሎም መጽሓፍ ታሪኽ ምስ ተቐበሉዋ'ዮም ኣተባቢያምኒ። ኣብ መንጎ ግን "ማህደር ኑረነቢ" (ናይ ተስፋዬ ገብረኣብ) ክትርጉም፡ ኣብ ስራሕ ስለ ዝተጸመድኩ፡ ነዛ ናይ ታሪኽ ኣብ ምጅማር ቁሩብ ግዜ ወሲዱለይ። ድሕሪኡ ቁሩብ ሓሚመ ንፍወሳ ናብ ቻይና ምስ ከድኩ፡ ብሓልዮት ኣምበሳደር ጸጋይ ተስፉጽዮን (ድንሽ) ክቕጽላን ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ከብጽሓን ክኢለ። ዳርጋ 75 ካብ ሚእቲ ናይታ መጽሓፍ ኣብ ገዛ ጸጋይ ድንሽ እየ ጽሒፈዮ። ዘድሊ መስርሕ ሓሊፉ ድማ ሎሚ ኣብ ምሕታም በጺሓ'ላ።

ትሕዝቶ መጽሓፍ ኣበይ የተኵር፤ ኣየናይ ዝያዳ ተጸሚቑ፤

ገሊኡ ብቐጥታ ካብቲ ሰለስተ መጻሕፍቲ ዝተርጎምኩዎ’ዩ። ገሊኡ ከኣ ዘመሓየሽኩዎ፡ ዘስፋሕኩዎ እዩ። ክጽሞቕ ዝተደልየሉ፡ ናይ ዕስራ ዓመት ታሪኽ ዝሓዘ ሰለስተ ዓበይቲ መጻሕፍቲ ናብ እንግሊዝኛ ተርጒምካ ዘንብበልካ ወጻእተኛ ስለ ዘይትረክብ እዩ። እዚኣ’ውን ናብ 450/500 ኣቢላ እንድያ፡ ቁሩብ ገዚፋ ኣላ። እዚ ብዓይኒ ወጻእተኛታት ኣንበብቲ ምስ ዝርአ፡ ውሑድ ኣይኮነን። ስለዚ፡ እተን ሰለስተ መጻሕፍቲ ተጸሚቔን ኣብ ሓንቲ ክቐርባ ኣለወን ዝብል ውሳነ ናተይ እዩ። ወላ ኣብ ክልተ ቅጺ ዘይትገብራ ዝበሉኒ ነይሮም፡ ግን ኣብ ሓንቲ ትሓይሽ ኢለ ወሲነ።




***ንመን’ያ ተጻሒፉ፧ መን’ዩ ከንብባ ዝድለ ዘሎ፧***

ኩሉ። ትሕዝቶኣ፡ ሓደ፡ ኣካዳምያዊ እዩ። ኣብ ማእከላት ትምህርቲ ክትዝርጋሕ እያ። ኣሕቲሙዋ ዘሎ “ኣሕታሚ ሀርስት” ሓደ ኣዝዩ ስሙይ ኣሕታሚ’ዩ። ብርግጽ ንግዳዊ ትካል’ዩ፡ ግን ስሙይ እዩ። ክሳዕ 2500 ዝኸውን ቅዳሓት ክሳዕ ናብ ዓበይቲ ዩኒቨርስታት፡ ዓበይቲ ትካላት ትምህርቲ፡ ትካላት ፍልጠት ይዝርግሕ። ስለዚ፡ እዛ መጽሓፍ ናብተን ዓበይቲ ዩኒቨርሲታትን ላዕለዎት ትካላት ትምህርትን ክትኣቱ’ያ ማለት’ዩ። ነቲ ዝጸንሐ ትረኻ ብዛዕባ ታሪኽ ኤርትራ ድማ ገለ መለሳ ክህልዋ’ዩ። ኣብ ኤርትራ መጽናዕቲ ከይገበሩ፡ ብዛዕባ ኤርትራ ዝጽሕፉ ብዙሓት ኣለዉ። እቶም ዓበይቲ ጸሓፍቲ ተባሂሎም ዝጽውዑ፡ ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ክኢላታት ዝበሃሉ ብዛዕባ ኤርትራ ዝጸሓፉ ጸሓፍቲ፡ ናብ ኤርትራ መጺኦም ዘድሊ መጽናዕቲ ከይገበሩ፡ ሰብ ጉዳይ ከየዘራረቡ፡ ናይ ኤርትራ ምንጭታት ከይተወከሱ፡ ከይፈተሹ እዮም ዝጽሕፉ። ጽሑፋቶም ኣብቲ ኣመሪካውያን፡ ጣልያን፡ እንግሊዝ፡ ኢትዮጵያውያን ዝጸሓፉዎ ምርኩስ ዝገበረ’ዩ። ስለዚ፡ ኣብ ምትራኽ ታሪኽ ኤርትራ ሓደ ዓቢ ሃንፍ ጸኒሑን ኣሎን። ብኻልእ ወገን፡ ብዙሓት ምስ ኤርትራ ዝደናገጽ ጽሑፋት ዝጸሓፉ እውን ኣለዉ። ንሳቶም’ውን ናብ ውሽጢ ኤርትራ መጺኦም መጽናዕቲ ስለ ዘየካየዱ፡

ተደናገጽቲ ይኹኑ ደኣ'ምበር፡ ነቲ እንታይነት፡ ሕመረት፡ ዕምቆት፡ . . . ታሪኽ ኤርትራውያን ክፈልጡዎ ኣይክእሉን'ዮም። ብቓላት ኤርትራውያን፡ ኤርትራውያን እንታይ እዮም ዝሓስቡ ነይሮም ክፈልጡ ወይ ክርድኡ ኣይክእሉን። እዚ ሕጽረት'ዚ ድማ ርኡይ እዩ። ካብ ብዙሓት ነዚ መጽሓፍ'ዚ ዘንበቡን ዝገምገሙን ወጻእተኛታት ጸሓፍቲ፡ "እዚ መጽሓፍ'ዚ ቅድሚ ሕጂ ዘይጸንሐ ሓድሽ ነገራት ዘተኣታቱ ስለ ዝኾነ ኣገዳሲ'ዩ፡" ዝብል ርእይቶ ይመጽኣኒ ኣሎ።

**እዚ መጽሓፍ፡ በየናይ ዓይኒ እዩ ክርኣ ዝደሊ!**

መልሲ ነቶም ንክዉንነት ታሪኽ ኤርትራ ዘይውክል ዝጸሓፉ ድዩ ወይስ ንክዉንነት'ዩ ክገልጽ ዝህቅን፧ ሓደ ካብቲ ኩሉ ግዜ ዘሰክፈኒ፡ ናይ ትረኻና ኣንፈት'ዩ። እቲ ዘሰክፈኒ፡ መልሲ ናይቲ ቅድሚ ሕጂ ናይ ኤርትራ ታሪኽ'ዩ ተባሂሉ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራን ኣብ ልዕሊ ታሪኽ ኤርትራን ዝተጻዕነ ትረኻ እናኾነ ከኸይድ ምጽንሑ'ዩ፥ በቃ፡ መልሲ። ኢትዮጵያውያ፡ "ኤርትራ ካብ ቀደም ናትና ነይራ፥ ከምዚ ነይርና፡" . . . ክብሉ እንከለዉ፡ "ሓሶት፥ ኣይነበረን፥ ኣይንፈልጠኩም-ኣይንጥይቐኩም" ዝመስል መልሰ ግብሪ እናኾነ እዩ ከኸይድ ጸኒሑ። መልሲ ካልኦት ናይ ዝበሉዎ ይኸውን ስለ ዘሎ፡ ንሳቶም'ዮም ነቲ ዛንታ ዝመርሑዎ፡ ስለዚ፡ ብኡ ኣቢሎም'ውን ንታሪኽና ዝስሕቡዎ'ምበር፡ ባዕልና ኣይኮንናን ንታሪኽና ነዘንቱዎ ዘለና። ስለዚ፡ ኣነ፡ ብዝተኻእለ መጠን ኣብዛ ጽሕፍቲ'ዚኣ ካብዚ ክእለ ፈቲነ ኣለኹ። ግድን ክትእለ ከኣ ኣለካ። ኣብኡ እንከለኻ፡ ነቲ ዝብሉዎ ገዲፍካ፡ ነቲ ናይ ኤርትራ ታሪኽ ኣብ ምግላጽ ጥራይ ከተድህብ ኣለካ። ኣብ ኣገዳሲ ዘልዕሉዎ፡ ግድን ክትካትዓሉ፡ ከተልዕሎ ዘለካ ዛዕባታት ከምኡ ትገብር። ማለትሲ፡ እዚ ከምዚ ዝብሉዎ ዘለዉ ከምኡ ኣይኮነን ከምዚ'ዩ ክትብልን ጭብጢ ከተቕርብን ትኽእል። እምበር ንዝበሉዎ ክትምልስ ኣየድልን። እቲ ቀንዲ ዘድልየና፡ ንታሪኽና ከም ኣመጻጽኣኡ፡ ኣመዓባብላኡ ምግላጽ እዩ። ንኣብነት፡ ከበሳ ኤርትራን ትግራይን ሓደ ኢና፥ ቅድሚ መግዛእቲ ምምጽኡ ሓደ ነይርና፡ . . . ዝብል ኣረኣእያ ይቐርብ'ዩ። እዚ ሕጂ፡ ኣብ ታሪኽ ፈጺሙ ርክባት ኣይነበረን ማለት ኣይኮነን። ነቲ ዝበሃል ገዲፍካ ግን፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ እንታይ ዓይነት ጉዳያት ይካየድ ነይሩ ምግላጽ'ዩ ወሳኒ። ንምምላስ ዘይኮነ'ውን ሓቀኛ ታሪኽ ንምግላጽ ደኣ'ምበር። ነንዝተባህለ፡ ኣይኮነን ከምዚ'ዩ ክትብል ኣየድልየካን። መብዛሕትአን ሃገራት ዓለም ሕብረብሄራውያን እየን። ኣቃውማ ናይቲ ሃገር ብሓደ ብሄር፡ ዓሌት፡ ሃይማኖት ክኸውን እንከሎ ሓጋዚ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ኣብ ሃገራት ዓለም እቲ ክዉንነት ግን ከምኡ ኣይኮነን። ካብ ልዕሊ 200 ዝበጽሓ ሃገራት ዓለም፡ እተን 38 ኣቢለን ጥራሕ እየን ብሓደ ብሄር፡ ብሓደ ቛንቋ ወይ ከኣ ዝበዝሑ ሓደ ቛንቋ ብዝዛረቡ፡

ሓደ ብሄር ዘለዎም ዝኾኑ። ኣብ ኣፍሪቃ'ሞ ኣዝየን ውሑዳት'የን። ካልኦት ኩላትና ሕብረብሄራውያን ኢና። ተሓዋዊስና ዝዓበና ድማ ኢና። ከመይ ኢሉ'ዩ መጺኡ እዚ ፍልልይ'ዚ ኣብቲ ታሪኽ ጥራይ ኢኻ እትረኽቦ። ንምንታይ እዩ ሓደ ቋንቋ ዝዛረብ ህዝቢ ጥራይ ሓደ ሃገር ዘይመስረተ፧ ስለምንታይ እዩም ኣብ ሓደ ሃገር ዘለዉ ብሄር ምስ ኣብ ካልእ ሃገር ዘለዉ ሓደ ሃገር ዘይኮኑ፧ ስለምንታይ ኢና ኤርትራ፡ ሱዳን፡ ኢትዮጵያ፡ . . . ኬንና ንዝብል ሕቶ፡ ካብ ስምዒት ወጺእካ ኣብቲ ወድዓዊ ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ናይቲ ሕብረተሰባት ኢኻ እትረኽቦ። እምበር፡ ቀደም ሓደ ነይርና፡ ጽቡቕ ዝምድና ነይሩና፡ . . . ስለ ዝተባህለ፡ ነቲ ናትና ሃገራውነት ወይ ክዉንነት ዘፍኩሶ ኣይኮነን! ኣይትንክፎ! ገለ ኣይገብሮ! እዚ ግን ነቲ ኣመጻጽኣ ብግቡእ እንተ ተረዲእናዮን ኣረዲእናዮን ማለት'ዩ። ብሓጺሩ፡ ኣብዛ ናይ እንግሊዝኛ መጽሓፍ፡ ነቲ ክዉን ታሪኽ ኣብ ምፍላጥ ይሕግዝ'ዩ ካብ ዝተባህለ ናይተን ሰለስተ መጻሕፍቲ ጸሚቔ ክቕርቦ ፈቲነ ኣለኹ። ነቲ ዝገደፍኩዎ ኣገዳሲ ሓበሬታ፡ ብፍላይ ኣብ መእተዊ ዘሎ፡ ዕድመን ጥዕናን እንተ ሂቡኒ፡ ኣብ ሓንቲ ንእስ ዝበለት መጽሓፍ ክገብሮ'ውን እሓስብ'የ።

## ናይ ኢትዮጵያውያን ትረኻ ብዛዕባ ሃገርን ሃገራውነትን ከመይ ትርእዮ፧

ኣብዚ ዞባ'ዚ ዝፈጥሮ ጸገማትከ፧ ንሕና ካብ ጥንቲ ሃገር ኢና ነይርና፡ ኤርትራ ከኣ ኣካልና እያ ነይራ። ካብ ኢትዮጵያ ተቖርሚማ ዝኸደት፡ ጣልያን ቆርሚሙ ዝወሰዳ፡ . . . ዝብል ኣተሓሳስባ ፈጺሙ መሰረት የብሉን። በቲ ሓደ ወገን ከኣ፡ ንሕና ከም ምስ ኢትዮጵያ ፍጹም ርክብ ዝበሃል ዘይነበረና፡ ዘይንፈልጦም ዘይፈልጡና፡ ኣዚና ዝተነጸልና ኢና ነይርና፡ ርክብ ዝበሃል ኣይነበረናን ዝብል መረዳእታ ብጭብጢ ክድገፍ ዝኽእል ኣይኮነን። ብሓጺሩ እምበኣር፡ ኤርትራ ከመይ ኢላ'ያ ሃገር ኮይና፧ ኣብ ዝብል ሕቶ'ያ ዘላ እታ ሕቶ። እቲ ቀደም ዝነበረ ዝምድና፡ ከይደ ከይዱ ናበይ ከይዱ፧ እንታይ ኮይኑ፧ ሓደ እዋን ሃይለስላሴ ባጽዕ ኣብ ዝኣተወሉ፡ ከይተፈለጠ ዝበሎ ነይሩ፡ "ድሕሪ ሽሕ ዓመት ናብ ባሕርና ተመሊስና!" ኢሉ። እዚ ኣብ ጋዜጣ ዘሎ'ዩ። እንታይ ማለት'ዩ፧ ድሕሪ ሽሕ ዓመትከ ይበሃል፧ ኢትዮጵያ መኣስ'ዮም ባሕሪ ነይሩዎም፧ ሼኽ ኢብራሂም ሱልጣን ኣብ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ብቐጻሊ ዝሓቶ ዝነበረ ሕቶ ንሱ'ዩ ነይሩ፤ 'እስኪ ንገሩኒ፡ ንኤርትራ ዝገዝኡ ኢትዮጵያውያንሲ ብዓል መን'ዮም ነይሮም፧ መን'ዩ ገዚኡና ዝፈልጥ፡ ንኤርትራ፧ ንኤርትራ፡ ንክበሳ ይኹን መታሕት፡ ዝገዝኣ ኢትዮጵያዊ መን ይበሃል ስሙ፧ ብዘይካ ዝወረረ'ምበር ዝገዝአ ወይ ዘመሓደረ ኣሎ፧ ናይ ወራር ታሪኽ'ምበር ናይ ሓባር መንግስትነት ወይ ስርዓት ዝነበረሉ እዋንሲ መኣስ'ዩ፧ መዋእልና ክንከላኸል፡ ክንጸንት ሓሊፍናዮ፡ ሕጂኸ እንታይ ኢኹም ትብሉና ዘለኹም፧' እዩ ነይሩ ካብ ምጉቶም።

## ታሪኽና፡ ባዕልና ብደቂቕ መጽናዕቲ ክንጽሕፎ ኣብ ዘይምኽኣልና ዘሎ ብድሆ ከመይ ትገልጾ፧

ሓደ ካብቲ ዓበይቲ ጉድለታትና፡ እቲ ቅድሚ መግዛእቲ ዝነበረ ታሪኽና ብስርዓት ዘይምጽንዑ እዩ። ብዙሓት ግዱሳት ናባይ ካብ ዘውርዱዎ ነቐፌታ፡ 'ስለምንታይ ካብ 1941 ጥራይ ትጅምር፡ እቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ታሪኽ ኣዝዩ ኣገዳሲ እንድዩ፧' ዝብል'ዩ። ኣመጻጽኣ ናይቲ ዝጸሓፍኩሉ ታሪኽ [ፖለቲካዊ ታሪኽ ኤርትራ 1941-1962] ብዙሕ እዋን እገልጾ'የ። ናይ ሕጊ ተመሃራይ ኮይነ፡ ብዛዕባ ኣመጻጽኣን ኣወዳድኣን ፌደረሽን ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ መጽናዕቲ ክገብር ምስ በልኩ፡ ኣብቲ ታሪኽ ዓቢ ሃንፍ ስለ ዝጸንሓኒ'የ ናብኡ ከይደ። ነቲ ናይ ኣርብዓታት ታሪኽ ብእኡ'የ ዝኣተኹዎ። ስለ ዝጠዓመኒ ከኣ ሞያ ቀዪረ ኣብኡ ኣትየ። ሓቆም'ዮም ኣብኡ ጥራይ ከተኵር ኣይግብኣንን ይኸውን፡ ግን ኣብኡ ተወሲነ። እቲ ቅድመ መግዛእቲ ታሪኽ ከኣ ናይ ገዛእ ርእሱ ክእለት የድልዮ እዩ። ናቱ ሰፊሕ መጽናዕቲ የድልዮ። ናይ ጣልያን፡ ቱርኪ፡ . . . ኩሉ ብደቂቕ ክትምርምሮ ኣሎካ። ንእኡ ዝኸውን ሓይሊ፡ ፍልጠት የብለይን ከኣ ኣነ። እዚ ዝጸሓፍኩሉ ታሪኽ ግን ብኣካል'ውን ዘርከብኩሉ'ዩ። ንገለ ካብቶም ዘዘራረብኩዎም ኣጸቢቐ እፈልጦም'የ።

## ኣብዚ መዳይ'ዚ ካብ ጸሓፍቲ ታሪኽ ዝድለ እንታይ እዩ?

ካብ ጸሓፍቲ ታሪኽ ዝድለ፡ ነቲ ታሪኽ ካብ ሱሩ ምጽናዕ'ዩ። ንኣብነት፡ ብዙሓት ኣለዉ ወለዶታት ዘጽንዑ። ንሱ ኣገዳሲ'ዩ፡ ግን እቲ ታሪኻዊ ፍጻመታት'ዩ ዝያዳ ክጽናዕ ዘለዎ። ድሕረ-ባይታ ናይ ሓንቲ ሃገር ብደቂቕ ክተጽንዕ እንተ ኴንካ፡ ሰፊሕ ምድላዋት የድልየካ። ብኹሉ መዳያቱ ክትርእዮ ድማ ኣሎካ። ካብ ኣመጻጽኣ ክሳዕ ኣነባብራ ናይቲ ህዝቢ ኣድቂቕካ ክትፈልጦ ትግደድ። ሓደ ካብቲ ዓበይቲ ሃንፋትና፡ እቲ ናይ ቅድመ መግዛእቲ ታሪኽ'ዩ። ፕሮፌሰር ባይሩ ታፍላ ሒዙዎ'ሎ ነቲ ጉዳይ ይበሃል ነይሩ። ሕጂ ምናልባት ኽምግልና ኣሎ፡ ግን ይቕጽላ ክህሉ ተስፋ እገብር። ነዚ ቅድሚ መግዛእቲ ጣልያን ዝነበረ ኣዝዩ ኣገዳሲ ግዜ፡ ጽሒፉ ዳርጋ ወዲኡዎ ይበሃል'ዩ። ኣብ ሜዳ ንሕና'ውን ጀሚርናያ ነይርና። ቅድሚ መግዛእቲ ኢጣልያ ብዓል ሰመረን ኪዳነን፡ ናይ ጣልያን ዘምህረት የውሃንስ፡ ናይ እንግሊዝን ፌደረሽንን ከኣ ኣነ ሒዝናየን። ብዓል ሰመረ ሰሎሞን ኣብ ንኣሽቱ ዓቐን ንመምሃሪ ብዝጥዕም ጽሒፎሞ። ድሕሪ ናጽነት፡ ዘምህረት ነታ ናይ ጣልያን ቀጺሉዋ፡ ኣነ ድማ ናይ ፌደረሽን። ሰመረን ኪዳነን ግን ኣይቀጸሉወንን። ቅድመ መግዛእቲ እምበኣር፡ ግድን ክጽናዕ ዘለዎ ካብቲ ዓበይቲ ግዜያት ናይ ታሪኽና እዩ። ናይ ጣልያን መድረኽ ካልኦት'ውን ጽሒፎምሉ እዮም። ከምዚ ናይ ፌደረሽን፡ እቲ ቅድመ መግዛእቲ ብውሽጢ ከመይ ከም ዝመስል ብዝገልጽ ኣገባብ ክጽሓፍ ኣለዎ። ቅድሚ ጣልያን ዝነበረ

ኩነታት ብደቒቕ ክፍለጥ የድሊ። ኣነ ነቦይ ኩሉ ግዜ፡ ኣቦይ ብ1896 እዩ ተወሊዱ፡ ንምንታይ ህዝብና ንጣልያን ሓንጎፉይ ኢሉ ተቐቢሉዎ እብሎ ነይረ። “ብቐልዓይ፡ እዝክሮ'የ፡ ህውከት'ዩ ነይሩ እዚ ዓዲ። ሓደ መዓልቲ ኣቦይ ሓንጊሩኒ እናኸደ፡ ዝነደደ ዓዲ፡ ዝተቐትላ ጥሪት፡ ሽታ ቃሬት፡ ናይ ሰብ ሬሳ፡ . . . እናተሳገርና ኢና ንኸይድ ነይርና። ጣልያን ነቲ ኹሉ ኣረጋጊኡልና፡ ሰላም ኣምጺኡልና፡ እዚ ህዝቢ'ዚ ሰላም ዝነበሮ ቦታ ኣይነበረን። ብወራር ናይ ደቡብን ብወራር ናይ ደርቡሽን ውሽጣዊ ቅልውላውን ጠፊኡ ዝነበረ ሰላምን ስርዓትን ኣምጺኡልና። ይውጽዓና ነይሩ'ዩ ግን ካብቲ ዝሓለፈ ይሓይሽ ነይሩ፡” ይብለኒ ነይሩ። ነቲ ታሪኽ'ቲ ብደቒቕ ክንፈልጦ ኣሎና። እቲ ህዝቢ ብኸመይ ይነብር ነይሩ፧ እንታይ የጋጥሞ ነይሩ፧ ብኸመይ ይሓልፎ ነይሩ፧ መጽናዕቲ የድልዮ። እቲ ቅድሚ ሃገር ምዃንና ዝተሓልፈስ ብግቡእ ክፍለጥ ኣለዎ።

***መልእኽቲ ንመንእሰያት ጸሓፍቲ፧***

ቀዳማይ ነገር ኣጽናዕቲ ክኾኑ ኣለዎም። ሱቕ ኢልካ ኣይጸሓፍን'ዩ። ቅድሚ ኩሉ፡ ድሌት፡ ተበግሶ፡ ጻዕሪ ክህሉ ኣለዎ። ጽቡቕ ስራሕ ክኸውን እንተኾይኑ፡ ንፉዕ ኣንጻናዒ፡ ኣንባቢ፡ ሓታቲ ክሕዞ ኣለዎ። ቋንቋታት ክመሃር'ውን ኣለዎ። ዓዲ ሸይጣን ኣቲኻ ሓበሬታ ከተምጽእ ክትክእል ኣለካ። ኣነ ነዚ መጽሓፍቲ ኣብ ዝሰርሓሉ ዝነበርኩ ንኣብነት፡ ምስ መሓመድ ዑመር ኣኪቶን ኣብኡ ዝነበሩ ናይ ዓፋር ኣባላት ባይቶን ንኽዘራረብ፡ ናብ ዓሰብ ሰለስተ ግዜ ከይደ። ናብ ዓዲ ቀይሕ ብዙሕ ግዜ ከይደ። ኣብ ኣብያተ ንባብ እዚ ዘይበሃል ግዜ ኣጥፊአ። ንእሽተይ ትበሃል ፍጻመ የላን፡ ብዝከኣለካ ከተጽንዓ ኣለካ። ኮፍ ኢልካ፡ መጻሕፍቲ ግንጽል ግንጽል ኣቢልካ፡ ጽሕፍ ጽሕፍ እተብሎ ኣይኮነን። ሓቂ ከኣ ክኸውን ኣለዎ። ብዝተባህለ፡ ብይመስለኒ ዝግበር ኣይኮነን። ከተዛምድ፡ ከተረጋግጽ፡ ከተዋህልል ኣሎካ። ነቲ ዘሎ ሓበሬታ ብግቡእ እንተ ደኣ ተጠቒምካሉ፡ ወላ ግዜ ይብላዕ፡ ነባርነት ይረክብ'ዩ እቲ ስራሕ። ኣብ ጭብጢ ዝምርኮስ ሓበሬታ፡ ዘፍርሶ የለን። ማለት፡ ክሳዕ ካልእ ንእኡ ዘፍርስ ጭብጢ ዝርከብ። ናይ ታሪኽ ሓቂ ኩሉ ሻዕ ተዛማዲ'ዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ብዘለካ ሓበሬታ ሓቂ ኢልካ ዝኣመንካሉ፡ ንእኡ ዘፍርስ ጭቡጥ ሓበሬታ እንተ ደኣ መጺኡ ይብዳህ'ዩ። ናይ ታሪኽ ጽሑፍ ዝተሓላለኸን በዳህን'ዩ።

***ኢትዮጵያ ዝቐጸረቶም ወጻእተኛታት ጸሓፍቲ፡ ከምኡ'ውን ዜጋታታ ዘበላሸዉዎ ትረኻታት ንዓና ጥራይ ዘይኮነ ንዞባና ብዙሕ ዋጋ ኣኽፊሉዎ'ዩ። ታሪኽ ክንመልስ ታሪኽ ክንህንድስ የድልየናዶ፧***

ኣይመስለንን። እቲ ሓቅታትና ምግላጽ ይኣኽለና'ዩ በሃላይ እየ። ንኣብነት፡ ዘውዴ ረታ ዝጸሓፎ “የኤርትራ ጉዳይ” ዝብል መጽሓፍ ኣዝዩ ኣገዳሲ መጽሓፍ'ዩ። ከምዝን ከምትን ኢሉና ኢልካ እንተ ደኣ ኮሪኻ ቍምነገር

ኣይክትረኽበሉን ኢኻ። ግና ኣጸቢቕካ እንተ ደኣ ኣስተውዒልካሉ፡ ብዙሕ ካብቲ ንኣና ክፉት ዘይኮነ፡ ንሕና ክንረኽቦ ዘይንኽእል ሓበሬታ፡ ንሱ ምስቲ ዝነበሮ ቦታ ሓላፍነት፡ ነቲ ኩሉ ሰነዳት ክረኽቦ ዕድል ስለ ዝነበሮ፡ ነዚ መጻሕፍቲ ክጽሕፍ እንከለኹ ኣህብቲሙለይ እዩ። እቲ ኣብኡ ዘሎ ኣተረጓጉማ ናይ ታሪኽ፡ ንሕና ንኤርትራ ዝገበርናያ የብልናን፡ እንታይዶ ገይርናያ ኢና! ኢሉ ይገርሞ'ዩ ኖ! ኣነ፡ ምናልባት ናይ ልቡ'ውን ከምኡ ይኣምን ከይከውን እብል'የ። ይግረም'ዩ ኖ! "ንሕና ንኤርትራስ እንታይ ጌርናያ! ወላ ሓንቲ ኣይገበርናያን፡ " እዩ ዝብል። ንሼኽ ኢብራሂም ሱልጣን ሓደ ሓሳዊ፡ ወስላታ ይብሎ፡ ንወልድኣብ ወልደማርያም ከዳዕ ይብሎ። ሕጂ ንሕና "ሓሳዊ፡ ከዳዕ" ኢሉ ኢልና ዲና ክንሓርቕ ዘሎና፧ ንሱ ዝበለ ይበል፡ መን'ዩ ኢብራሂም ሱልጣን፧ መን'ዩ ወልድኣብ ወልደማርያም፧ ናይ ኢብራሂም ሱልጣን፡ ወልድኣብ ወልደማርያም፡ ዓብደልቃድር ከቢረ ቃላት፡ ነቲ ናይ ኤርትራዊ ሃገራውነት ስጋን ደምን ዝወሰኽሉ፡ መልክዕ ዝሃቦ፡ ዘቖናጀዎ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብግብሪ'ውን ህያው ከም ዝኸውን ዝገበረ ናይ ዓበይቲ ሃገራውያን ቃላት እዩ። ስለዚ፡ ካልኦት ዝበሉዎ ገዲፍና፡ ተግባራቶምን ቃልሶምን ምግላጽ ጥራይ እኹል'ዩ። ንብዓል ከቢረ ናይ ኣስላም ምንቅስቓስ እናበሉ ክናሽውዎም'ውን ይረኣዩ እዮም። ዓብደልቃድር ከቢረ ግን ክዛረቡ እንከለዉ እንታይ፡ እንታይ ይብሉ ነይሮም፧ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታ ዘሰመዑዎ መደረታት፤ "ናይ እስላምን ክስታንን ሃገር'ያ'ዚኣ! ምስ ክርስትያን ኣሕዋትና ኴንና ሓንቲ ዓባይ፡ ደሞክራሲያዊት ሃገር ክንምስርት ኢና። ነዚኣ ከኣ ኣነ ደመይ ክኸፍል ድሉው'የ፡ " ኢሎም'ዮም። በዚ እምነት'ዚ ደሞም ዝኸፈሉ ድማ'ዮም ከቢረ። ስለዚ፡ ንሳቶም ድላዮም ይበሉ፡ ንስኻ ታሪኽካ ብግቡእ ንገር ዝብል'ዩ ርእይቶይ። ኣብዛ ናይ እንግሊዝኛ መጽሓፍ እዚታት ኩሉ ኣሎ። "ፈደረሽን ስለ ዝፈረሰ ኮርዮም እዮም ኤርትራውያን ናብ ኤርትራዊ ሃገራውነት ዝኸዱ'ምበር ቅድሚኡስ ኢትዮጵያውያን እዮም ነይሮም፡" ይብል ዘውዴ ረታ። ናይ ብዓል ኣቶ ወልድኣብ ወልደማርያም፡ ሼኽ ኢብራሂም ሱልጣን መደረታት ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣሎ። ነቲ ፈደረሽን ኣይንቕበሎን ኢና፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ህውከት ክልዓል'ዩ፡ ግደፉ! ኢሎም ሼኽ ኢብራሂም ሱልጣን። ልክዕ ከኣ ጠንቂ ናይዚ ኩሉ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝተራእየን ዝርአ ዘሎን ዕግርግርን ህውከትን ናይ ኤርትራ ጉዳይ እዩ። ምኽንያቱ፡ ከምኡ ምስ ገበሩና እቲ ፖለቲካዊ ቃልሲ ጀሚሩ፡ ናብ ብረታዊ ቃልሲ ሰጊሩ። ስለዚ፡ ነዚታት ብጭብጢ ኣሰኒኻ ክትገልጽ እንተ ጀሚርካ፡ ክነጽጉዎ ኣይክእሉን'ዮም። ንሳቶም ዝብሉዎ'ሞ ይጽንሓልካ፡ ታሪኽካ ግን ብመጽናዕቲ ንገር፡ ብመርትዖታት ኣሰንዮ፡ ብዝኽርታት ሰባት ደርዕዮ። መጻሕፍቲ ታሪኽ ሓድሽ ሓበሬታ ኣብ ዝተረኽበሉ እናሰፍሑን እናማዕበለን'ዩ ዝኸይድ። ካብቲ መጻሕፍቲ ድማ

ዝተፈላለየ ስነ-ጥበባዊ ዕዮታት - ፊልም፡ ድራማ - ምስራሕ ይከኣል። ኣብ መጽሓፈይ፡ ንኣብነት፡ ንሓምድ እድሪስ ዓዋተ ብውሑድ እገልጾ'የ። ሃይለስላሴ ወልዱ ግን ብስፍሓት ብምሉእ መጽናዕቲ ኣብ ዝተሓትመ መጽሓፍ ገሊጹዎ። ስለዚ፡ መንእሰያት ዘገድስ ዛዕባ ወሲዶም መጽናዕቲ ብምክያድ ከስፍሑዎ ኣለዎም።

## ታሪኽና ክንጽሕፍ እኹል ሰነድ ኣሎና ድዩ፧

ኣሎ። ናይዚ ቅድሚ መግዛእቲ ዝበልኩኻ ብዙሕ ሰነዳት ኣብ ስነዳ ኣሎ፡ ኣብ ዝተፈላለያ ናይ ስነዳ ትካላት'ውን እኹል ሓበሬታ ኣሎ። ኣብ ዓዲ ቀይሕ እዚ ዘይበሃል ናይ ጣልያን ሰነዳት ጸኒሑ። ኣብ ዓዲ ጣልያን'ውን ብዙሕ ሰነዳት ኣሎ። ኣፍካ ማይ ዘምልእ ሰነዳትሲ ኣሎ። ብደቂ ሃገር ክጸሓፍ ድማ ኣለዎ።

## መጻሕፍቲ፡ ይብዝሕ ይውሓድ፡ ይሕመቕ ይጸብቕ፡ ይጸሓፍ ኣሎ። ዘሎ ብድሆ ኣንበብቲ ኣይኮንናን ዝብል'ዩ። ርእይቶኻ፧

ስለምንታይ ኢና ኣንበብቲ ዘይኮንና ኣይርድኣንን'ዩ። ባህሊ ንባብ ግን ካብ ገዛ'ዩ ዝጅምር። ኣቦን ኣደን ናይ ምጽሓፍን ምንባብን ተገዳስነት እንተ ደኣ ኣለዎም፡ ቈልዑ ይግደሱ እዮም። እዚ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ እንተ ዘይተደሪዑ ክቕጽል ኣይክእልን'ዩ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ምንባብ ከም ኣርእስቲ፡ ከም ንጥፈት፡ ከም ኣገዳሲ ነገር ኣብ ሓንጎል'ቶም ቈልዑ ከም ዝሽኻዕ ዘይግበር እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ክሳራ'ዩ። ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ክለባት ንባብ ክሕይል ኣለዎ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንባብ ኣብ ክፍሊ ክኣቱ ኣለዎ። ኣነ፡ ንኣብነት፡ ንባብ ኣብ ገዛ'የ ተማሂረ። ዓበይቲ ኣሕዋተይ ኣንበብቲ ስለ ዝነበሩ፡ መጻሕፍቲ ሒዞምለይ ይመጽኡ ወይ ይረድኣኒ ኣይረድኣኒ ብዘየገድስ ናታቶም የንብብ። ኣቦይ'ውን መጻሕፍቲ የንብብን የምጽእን ስለ ዝነበረ፡ በዝን በትን እንብብ ነይረ። ኣቦይ መጽሓፍ ኣምጺኡ ነደኹም ኣንብቡላ ይብለና፡ ነንብበላ። ከምኡ እናገበርና እቲ ምንባብ ከም ልምዲ ናብ ቤት ትምህርቲ ሒዝናዮ ኬድና። ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ ብፍላይ ኣብ ኮምቦኒ፡ ዓርቢ-ዓርቢ ናይ ምንባብ ክፍለ ግዜ ነይራትና። ክንበብ ኣለዎ ዝበሉዎ መጽሓፍ ኣምጺኦም ሓንቲ ኣብ ክልተ ይዕድሉና'ሞ ነንብብ። ምስ ኣንበብና ንዛተየላ፡ መምህር፡ እንታይ ተረዲእኩም ይብለና፡ ንዛተ። ኣብ ካልኣይ ደረጃ'ውን ከምኡ ኢና ቀጺልና። ሰብ ግድን ከንብብ ኣለዎ፡ ክንበብ ዘለዎ ዝመርጸሉ ክህሉ ድማ የድሊ። ዓበይቲ መጻሕፍቲ ንንኣሽቱ ከም ዝጥዕም ጌርካ ክዳሎ'ውን ኣለዎ። ምስ ቈልዑ ዝሳነ ጽውጽዋይ፡ ዛንታ፡ ታሪኽ፡ . . . ክዳሎ የድሊ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ብፍላይ፡ ዝተመርጸ መጻሕፍቲ ኣለሊኻ ኩሉ ተመሃራይ ከም ዘንብቦ ምግባር ኣገዳሲ'ዩ። ልዕሊ ኩሉ ግን መማህራን ኣንበብቲ ክኾኑ ኣለዎም። መምህር ምንባብ ዘይፈቱ እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ናብቲ ተመሃራይ ባህሊ ንባብ ከስርጽ ኣይክእልን'ዩ። ሕጂ'ውን'ኳ ኣለዉ ንፉዓት

**መማህራን ንተማሃሮኦም ዘንብቡሎምን ኣንብቡ ዝብሉዎምን። ግን ብስሩዕን ኣብ ኩሉን ክኸውን ኣለዎ። ኣብዚ እዋን'ዚ ኩሉ ዓይነት መጻሕፍቲ ይሕተም ስለ ዘሎ፡ ነቲ ጽቡቕ ካብቲ ሕማቕ ዝፈሊ መደባት ክህሉ ከኣ ኣለዎ። ተነባቢ መጻሕፍቲ ኣለሊኻ፡ እዚ ክንበብ ኣለዎ ክበሃል ክኽእል ኣለዎ።**

**ሓዳስ ኤርትራ**

ሰነ 2025 -